# <u>ሳልሕ መኪ፡ መስራቲ ዘመናዊ ኤርትራዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት</u>

ኪሮስ ጸሃየ
ጥቅምቲ 14 2009

ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሜዳ ብህዝባዊ ግንባር ዝወሃብ ዝነበረ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ኣድናቖት ዘትረፈ'ዩ ኔሩ። ምስ ውሱን ዓቕምን ምስ'ቲ ብዘይምቁራጽ ዝወርድ ዝነበረ ናይ ጸላኢ ቦምባታትን ከይተሰናኸለ ንተጋደልትን ንሓፋሽ ህዝብን ዝነኣድ ኣገልግሎት የቕርብ ኔሩ። ናይ ሽዑ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ግን ነቲ ግዜ'ቲ ዘገልግል ናይ እዋን ኩናት ኣገልግሎት'ዩ ኔሩ።

ድሕሪ ናጽነት ሕክምናዊ ኣገልግሎት ሃገርና ዓይነቱ ብኸምቲ ናይ እዋን ብረታዊ ቃልሲ ተዓቒቡ ብዓቕን ጥራሕ ከምዝምዕብል ምግባር ንጠለባት ናጻ ሃገር ክርዊ ስለዘይኽእል፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣሎ ዝበሃል ምዕቡል ዘመናዊ ናይ ሕክምና ኣገልግሎት ደርጃ ብደረጃ ንኽተኣታቱ ብዝሓንጸጸ መሰረት እነሆ ሕጂ ሃገርና ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ብዓይነትን ብዓቕንን ኣዝያ ንቕድሚት ሰጒማ ትርከብ።

እዚ ስጒሚ'ዚ ውጽኢት እኩብ ስራሕ ብዙሓት ይኹን'ምበር ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ኣብ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ሃገርና ነዚ ምዕባለ'ዚ ንኽተመዝግብ ዝኣለየን ዝመርሐን ስዉእ ተጋዳላይ ሳልሕ መኪ ኢዩ።

ሚኒስተር ሳልሕ መኪ ከይሰልከየ ንኩነታት ጥዕናኡ ኣወንዚፉ ንስለ ኩነታት ጥዕና ዜጋታት ኤርትራ ከይተሓለለ ዝጸዓተ ተቓላሳይ'ዩ ኔሩ። ኩነታት ጥዕና ኣዴታትን ህጻናትን ምምሕያሽ ፡ ምቁጽጻር ሕማም ዓሶ፡ ኤች ኣይ ቪ ኣይድስን ዓባይ ሰዓልን፡ መፍረ መድሃኒትን ብቑዕ ዓቕሚ ሰብ እንተላይ ሓካይም ምፍራይን ዝብሉ ብመንግስቲ ዝተሓንጸጹ ሕንጻጻት ዘተግበረን ንገሊኦም ድማ ኣብ ምትግባር እንክሎ ዝተቐጽየ *መስራቲ ናይ ኤርትራ ዘመናዊ ሕክምናዊ ኣገልግሎት*'ዩ ኔሩ ሳልሕ መኪ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን።

ዝናር ስዉእ ተጋዳላይ ሳልሕ መኪ ኣልዒሎም ሃገርና ወናኒት ዝተማልአ ጥዕና ዘለዎም ዜጋታት ንኽትውንን ዝገብሩ ዋርሳይ ከምዘለዉና እተኣማመን። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንስድራ ቤት ስዉእን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ጽንዓት እምነ።

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ!!
ዓወት ንሓፋሽ!!